# ኤችአይቪ/ኤድስ

## ንሕቶኹም መልሲ

## (HIV/AIDS – Your questions answered)

July/ሓምሌ 2003

Tigrigna

**ኤችአይቪ/HIV ኤድስ / AIDS**

ኤችአይቪ/ HIV ዝተሰየመ ናይ ሰብ ሕማም መከላኸሊ ኃይሊ ዘዳኽም ቫይረስ ይኸውን (Human Immunodeficiency Virus)። ኤችአይቪ HIV ንኤድስ/AIDS ሕማም ምኽንያት ይኸውን እዩ።

**ኤድስ / AIDS እንታይ እዩ?**

አመንምኔ/AIDS ዝተሰየመ ንዘይተለምደ ናይ ሕማም መከላኸሊ ኣቒሚ/ኃይሊ ምድኻም ይኸውን (Aquired Immune Deficiency Syndrome)። Aquired ማለት ዝተወሰደ ማለት እዩ። Immunodeficiency ማለት ናይ ሰብነት ሕማም መከላኸሊ አሰራርሓ ምቑራፅ ማለት እዩ። Syndrome ከብል እንከሎ ድማ ምስካልኦት ሕማማት ዝተትሓዘ ጸገም ምቅላዕ ማለት እዩ። ናይ ሰብነት ሕማም መከላኸሊ ኃይሊ ከዳኽም እንከሎ ምሕማም ኤድስ/AIDS ከምተፈጠረ ይፍለጥ።

**ኤችአይቪ/HIV ከመይ ይሕዘካ?**

ኤችአይቪ/ HIV በዚ ዝስዕብ መንገዲታት ይመሓላለፍ፡

- ኤችአይቪ/ HIV ምስዘለዎ ሰብ ብጓልኣንስትዮ ብልዕቲ ወይካዓ መሃንቱስ ርክበ ስጋዊ ምፍጻም
- ኤችአይቪ/ HIV ምስዘለዎ ሰብ ናይ መርፍእ መውጊኢ መሳርሒ ምልውዋጥ
- ኤችአይቪ/ HIV ዘለወን ኣዶታት ብጽንሲ ግዜ፧ከወልዳ፧ ወይካዓ ንማማይ ጡብ ከጡባ ከመሓላለፍ ይኽእል።
- ኤችአይቪ/ HIV ምስዘለዎ ሰብ ብዘይመከላኸሊ ብኣፍ ርክበ ስጋዊ

ኣብ አውስትራሊያ ውሽጢ ኤችአይቪ/ HIV ብዘይኮንዶም ርክበ ስጋዊ ብምፍፃምን ናይ መውግኢ መርፍእ ብምቅይያር እቲ ሕማም ይመሓላለፍ እዩ።

**ብባልዕ/ጣንጡ፧ እንስሳት፧ ብሽቓቅ ኮፍ መበሊ፧ ከትተሓቛቆፍ፧ ብኢድ ሰላም ብምባል፧ ብገዛ ዘሎ ኣቅሓ፧ ኣብ ሓመሳ ውሽጢ ወዘተ ኤችአይቪ/HIV ክሕዘና ይሕእል'ዶ?**

አይሕዝን! ኤችአይቪ/ HIV ኣብ መደበኛ ዝኾነ ማህበራዊን ቤተሰባዊ ረኸቢ አይመሓላለፍን እዩ። ኤችአይቪ/ HIV ካብ ሰብነት ወፃኡ ብዙሕ ኣይጸንሕን እዩ። እቲ ቫይረስ ብናይ ገዛ ኣቅሓ መሕጸቢ ወይካዓ ሳሙናን ብዝሞቐ ማይ ከመውት ይኽእል።

**ጥንቃለ ዘለዎ ወሲብ እንታይ ማለት እዩ?**

ብጥንቃቐ ርክበ ስጋዊ ምፍፃም ማለት ናይ ተባዕታይ ዘርኢ ፈሳሲ፧ ናይ ጓልኣንሰታይ ብልዕቲ ፈሳሲ ወይካዓ ደም ኣሞንጎ ክልቲኦም ወሲባዊ ዓርኪታት ከመሓላለፍ ከምዘይብሉ ይኸውን።
ብመሃንቱስ ወይካዓ ብጓል ብልዕቲ ርክበ ስጋዊ ከትፍፅም ኮንዶም ምጥቃም ናይ ኤችአይቪ/ HIV ቫይረስ ናይ ምትሕልላፍ ፀገም ብጣዕሚ ይቅነስ እዩ። ኮንዶም ከትጥቐም እንከሎ ብዙሕ ፈሳሲ መለስለሲ ንምንባሩ ምርግጋፅ የድልይ። ከምኡ'ውን ናይ ጓልአንስትዮ ኮንዶማት ስለዘሎ ምስ ፈሳሲ መለስለሲ ዝኸውን ምጥቃም አድላይ እዩ። ብሓባር ሴጋ ምግባር፧ ምንክካእ፧ ምትሕቑቛፍ፧ ሰብነትካ ብምድራዝ ስሚዒት ምልኣል ካብቶም ጥንቃቐ ዘለዎም ናይ ርክበ ስጋዊ ውሽጢ ዚጠቃለል እዩ። ካብ ወሲብ ዓርኪ ሓዲኦም ኤችአይቪ/ HIV እንኻልይዎም ወይካዓ ንምንባርካ ርግጸኛ እንተዘይኾይንካ ብጥንቃቐ ርክበ ስጋዊ ምፍጻም ይምረፅ እዩ። ብኮንዶም ጥንቃቐ ዘለዎ ርክበ ስጋዊ ምፍፃም ኤችአይቪ/ HIV ጥራይ ከይኾነ ካልኦት ተመሓላላፊ ሕማማት(STIs) ንኣብነት ከም ጆግልን ክላሚዲያ ሕማማት ምክልኻል ይኻኣል እዩ።

**ብአፍ ወሲባዊ ኤችአይቪ/HIV ክሕዘና ይኽእል'ዶ?**

ብዘይ መከላኸሊ ናይ ኣፍ ርክበ ስጋዊ ንኤችአይቪ/ HIV ቫይረስ ከመሓላለፍ ዘለዎ እድል ቑሩብ ክኸውን ግና ኮንዶም ምጥቃም ወይካዓ ብኣፍ ውሽጢ ዘይምፍሳስ ዝምረፀሉ፡

- ሓዲኦም ቑስሊን ደምን ዘውፅእ ግርጻን እንተሃልይዎም ወይካዓ
- ድሕሪ ስኒ ጸሪካ/ ቦርሽካ ቐልጢፍካ ወሲባዊ ብምፍጻም

**ፅቡቅ ጌርካ ምስዓም ንኤችአይቪ/HIV ቫይረስ መተሓላለፊ መንገዲ ይኸውን'ዶ?**

እዚ ምንም ዘየፍርሕ ኣሰራርሓ እዩ። ኤችአይቪ/ HIV ቫይረስ ዘለዎም ሰባት ኣብ ልዛዮም/ጥፍጣፍ ውሽጢ ብጣዕሚ ውሑድ ዝኾነ ቫይረስ ከምዝርከብ እዩ። ናይ ኤችአይቪ/ HIV ቫይረስ ብልዛይ ከምሓላለፍ ብዙሕ ጥፍጣፍ/ልዛይ ናብ ቑስሊ ወይካዓ ብዝደሚ ግርጻን ጌሩ ናብ ደምካ እንተኣቲዩ ይኸውን።

**ናይ ካልእ ሰብ ደም ብምውሳድ ብኤችአይቪ/HIV ናይምትሃዝ ፀገም ክንደየናይ ይኸውን?**

ኣብ አውስትራሊያ ውሽጢ ካብ ወርሒ ግንቦት/May 1985 ጀሚሩ ደም ዝህቡ ሰባት ናይ ኤችአይቪ/ HIV ቫይረስ መርመራ ብምግባር እዩ። እዚ ማለት ኣብዚ እዋን ደም ብምልጋስ ንኤችአይቪ/ HIV ዘምፅኦ ሳዕቤን ውሑድ ይኸውን።

**ኣብ ኤችአይቪ/HIV ቫይረስ ዘለዎ ሰብ ናይ ደም መጽዋእት ምርካብ እኽእል'ዶ?**

ኣይኽኣልን – መርፍእ፧ መዕሸጊ ባኮ፧ መንቀርቀርን ናይ ኣፃብእቲ መቐስ ካልኣይ ግዜ ኣብ ጥቅሚ ኣይውእልን።

**ናይ ኤችአይቪ/HIV ምልክት እንታይ እዩ?**

ናይ ኤችአይቪ/ HIV ቫይረስ ምልክት ብዙሕ ዓይነት ሕማማት የርእይ እዩ። ንኤችአይቪ/ HIV ቫይረስ እንተጠራጢርኹም ኣብዚ ታሕቲ

Department of Human Services

Victoria
The Place To Be

ብዘሎ ምልክት [ካብ ሓደ ንላዕሊ ምልክታት] እንተተራእዩ ናብ ሓኪም ምኻድን ሓበሬታ ምርካብ የድልይ እዩ። ምስ ኤችአይቨ/ HIV ቫይረስ ዚተዛመደ ናይ ሕማም ምልክት ከምዝስዕብ ዝተለመዱ እዮም፡

- እንፍሉዌንዛ መሰል ናይ ሕማም ምልክት
- ከቢድን ዘየቋርፅ ናይ ድኻም ስሚዒት
- ረስኒ፣ ቑሪን ከትድቅስ ርሓጽ
- ቐልጢፍካ ክብደት ምቕናስ
- ኣብ ከሳድ፣ ትሕቲ ኢድ ወይካዓ ኣብ ጉልዒ ከባቢ ዝሓበጠ ጡብ ኣድጊ
- ኣብ ኣፍ ከባቢ ጻዕዳ ዕንፍሩር ዝበለ ወይካዓ ኣብ ኣፍ ውሽጢ ዘይተለምደ ምልክት
- ኣብ ቆርበት ምልክት ወይካዓ ፅኪ [ዘይሓምምን ዛሳስ ቀይሕ ሕብጥ ዝበለ ወይ ጠፍጣፍ]
- ብዘይምቁራፅ ምስዓል ወይካዓ ደረቕ ስዓል
- ውጽዓት
- ናይ መግቢ ድሌት ምቕናስ

ናይ ኤችአይቨ/ HIV ቫይረስ ዘለዎ ሰብ ምንም ዓይነት ናይ ሕማም ምልክት ከይርአይ ይኽእል ግናስ ናይ ቫይረስ ተሰካሚ ብምኳኑ ብደም ወይካዓ ኣብ ሰብነት ብዝወፅእ ፈሳሲ እቲ ቫይረስ ናብ ካልእ ሰብ ከመሓላለፍ ይኽእል እዩ።

**ናይ ኤችአይቪ/HIV መርመራ ምርካብ እኽእል'ዶ?**

እወ፣ ናይ ኤችአይቨ/ HIV ቫይረስ ንምንባሩ ብደም መርመራ ይፍለጥ እዩ። ኤችአይቨ/ HIV ክነብረኒ ይኽእል ትብል እንኮይንካ ሓኪም ምርኣይ ወይካዓ ተዘርዚሮብ ዘለው ኣገልግሎታት ምኻድ።
ኤችአይቨ/ HIV ቫይረስ ኣብ ደም ውሽጢ እንተዃልዩ እዚ ሰብ HIV positive ዘለዎ ይብሃል።
ሓደ ሰብ ብኤችአይቨ/ HIV ከትሓዝ እንከሎ ንዝተወሰነ ሓጺር ግዘ እቲ ቫይረስ ንምሕላው ኣይፍለጥን እዩ። ስለዙይ ድሕሪ ሰለስተ ወርሒ ናይ ደም መርመራ ምግባር ከምዘድልይ እዩ። ናይ ኤችአይቨ/ HIV ቫይረስ ደም መርመራ ዝገብር ሰብ ቀድሚን ድሕሪ መርመራ ምግባር መማኽርቲ የድልዮ እዩ።

**ኤችአይቪ/HIV መርመራ እንታይ ከምዘጠቓልል?**

- እቲ መርመራ ዚግበር ብፍቓደኝነት እንተተሰማሚዕካ ጥራይ ይኸውን።
- ብዛዕባ እቲ መርመራ ማብራርሒ ሓበሬታ ክውሃብ ኣለዎ።
- እቲ መይይጥ ብዛዕባ መርመራ ንምንታይ ከምዝኾነ እዩ።
- ቅድሚ መርመራ ምግባር መማኽርቲ የድልይ።

ዝኾነ ውፅዒት ይምፃእ ግናስ ቅድሚ መርመራ ምግባር ምኽሪ ምሃብ ኣድላይ ይኸውን። በቲ መርመራ እቲ ቫይረስ እንተተረኺቡ ብድሕረ መማኽርቲ ተጌሩ ናይ ስነ ኣእምሮዊ ባሕሪ ሓገዝ ብዛዕባ እቲ ሕማም ማብራርሒ ከምኡ'ውን ሓገዝ ናብ ዝህቡ ግልጋሎት ምልኣኽ ይኸውን። በቲ መርመራ እቲ ቫይረስ እንተዘይተረኺቡ ናይ ድሕረ መማኽርቲ ተጌሩ ብዛዕባ ኤችአይቨ/ HIV ቫይረስ መከላኸሊ መግለጺ ይውሃብ እዩ።

**ኤችአይቪ/HIV ካብ ኤድስ/AIDS ከመይ ይፍለይ??**

**ንኤድስ/AIDS ሕማም ኤችአይቪ/HIV ቫይረስ ምኽንያት/ጠንቂ ይኸውን።**
ኤችአይቨ/ HIV ቫይረስ ዘለዎ ሰብ ኤድስ/AIDS ሕማም ክይነብሮ ይኽእል። ኤችአይቨ/ HIV ቫይረስ ንናይ ሰብነት ሕማም መከላኸሊ ሓይሊ ኣዳኺሙ ንብዙሕ ሕማማትን መንሸሮ ክቓላዕ ይገብር እዩ። መብዛሕትኡ ኤችአይቨ/ HIV ቫይረስ ዘለዎም ሰባት እቲ ፀገም ናብ ኤድስ /AIDS ንኽልወጥ ብዙሕ ዓመታት ይወስድ እዩ። ኤችአይቨ/ HIV ቫይረስ ተሰኪምቲ ሓደሓደ ግዘ ከሓሙ እንከሎ ናብ ኤድስ/AIDS ሕማም ክልወጥ ካብ 5 ክሳብ 10 ዓመታት ክወስድ ይኽእል። ይኹን እምበር ኣብ ቑሩብ ሰባት ክሳብ 10 ዓመት ኣብ ጥዕንኦም ምንም ፀገም ኣይፈጥርን እዩ።
ናይ ኤድስ /AIDS ሕማም ንምፍላጥ ፍሉይ ዝበለ ናይ ላቦራቶር መርመራት የድልይ እዩ።

**ካብኤችአይቪ/HIV – ኤድስ/AIDS ከትፍወስ ወይካዓ ከትሕከም ይኻኣል'ዶ?**

ኣብዚ እዋን ንኤችአይቨ/ HIV ቫይረስ ወይካዓ ንኤድስ/AIDS ሕማም ኽትባት ወይካ ዝፍውስ መድሓኒት ኣይተረኽበን እዩ። ይኹን እምበር ምስ ኤችአይቨ/ HIV ዝተትሓዘ ሕማም ንምክልኻልን ናብ ኤድስ/AIDS ከይልወጥ እድመ ዘናውሕ መድሓኒት ከምዘሎ እዩ። ነዚ መድሓኒት ምውሳድ ቐሊል ኣይኮነን ምኽንያቱ ዚመጽእ ምግርጫው ስለዝነብርን ናይቲ መድሓኒት ኣወሳስዳ ፀገም ስለዝኸውን እዩ። ሓደ ሰብ ናይ ኤችአይቨ/ HIV መድሓኒት ምውሳድ እንተጀሚሩ ክሳብ ሕይወት መጨረስታ ክወስድ ከምዘለዎ እዩ። ምስ ኤችአይቨ/ HIV/ ኤድስ/AIDS ዝዛመድ ንብዙሕ ሕማማት ናይ መድሓኒት ሕክምና ከምዝነብሮም እዩ።
ከምኡ'ውን ዝተማልኣ ሕክምና ብምውሳድ በቲ ፈውሲ ዚመፅእ ምግርጫው/ፀገም ምቑፅፃር ይኻኣል። ኩልግዘ ሓደሽቲ ፈውሲታት ከምሕከምና ይፍተኑ እዮም።

**ንዝበለፀ ሓበሬታ**

Melbourne Sexual Health Centre, Carlton
ስልኪ ቑፅሪ: (03) 9347 0244
ንጸማም ስልኪ TYY: (03) 9347 8619
ብዛገረሰብ ኮይንካ ስልኪ: 1800 032 017
እቲ ናይ ስልኪ ፅውዒት ብናጻን ሚስጢራዊ ይኸውን።

**ኣብ ሙሉእ መስተዳድር አገልግሎት፡**

AIDSLINE- 9347 6099
ብዛገረሰብ ኮይንካ: 1800 133 392
TYY: (1800 032 665
Victoria AIDS Council/ Gay Men's Health Centre: 9865 6700
ብናጻ ንምድዋል: 1800 134 840
TYY: (03) 9827 3733
Access Information Centre/ናይ መረዳእታ መውሃቢ ማእከል: 9276 6993

www.accessinfo.org.au

The Centre Clinics/ናይ ክሊኒካት ማእከል፡
Northcote Community Centre- 9481 7155
St Kilda- 9525 5866

Family Planning Victoria- 9257 0100

Action Centre- 9654 4766

**Rular STI Clinics/ኣብ ዛገረሰብ ናይ ተመሓላላፊ ሕማም ክሊኒካት፡**
The Annexe Sexual Health Clinic, Ballarat- (03) 5333 1635
STD Clinic- Community Health Bendigo- (03) 5434 4330
Geelong Sexual Health Clinic- (03) 5221 4735
STD Clinic- Vermont Street Clinic, Wodonga- (03) 6051 7470
STD Clinic- Latrobe Regional Hospital, Traralgon- (03) 5173 8000